ሓባራዊ ኮሚስዮን
ምምስራት ሰልፊ
ክፍሊ ዜናዊ ጉዳያት

المفوضـــــية المشـــــتركة
لتاســـيس الحـــزب
قسم الشؤونِ الاعلامية

Joint Party Formation Commission
Department of Information

## ሎሚ’ውን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ወሳኒ’ዩ።

ናይ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ጅግንነትን ትብዓትን ኤርትራውያን ክዝንቶ እንከሎ ግደ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ክንደይ ልዑል ከም ዝነበረ፡ ኣይኮነንዶ ንዓና ንኤርትራውያን ንዘይኤርትራውያን’ውን ጸሓፍትን ደረስት’ውን ልሉይ ኣብነት’ዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ “…ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ሕብረተሰብ’የን፡ ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝዕወት ሰውራ የለን…” ዝብል ዝነበረ ጭረሖታት ብተግባር’ውን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስቶ ኣረጋጊጸነኦ’የን። ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እቲ ብተፈጥሮ ዝተዋህበኦ ልውህናን ድርብ ሓላፍነትን ከይዘንገዓ ኣብ ዓውዲ ጅግንነት’ውን መስተንክር ሰሪሐን እየን። እዚ መስተንክር ስረሓን ድማ ብዘይካቲ ኣብ ኤርትራ ዘመዝገበኦ ድሙቕ ናይ ዓወት ምዕራፍ ንካለኦት ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ድሙቕ ኣብነትን መወከስን ከም ዝኾውን ኣብቲ ግዜኡ ብብዙሓት ፈላጣትን ተመራመርትን ተመስኪሩሉ’ዩ። መስተንክራዊ ስረሓተን በቲ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ዓውዲ ውግእ ጥራይ ዘይኮነ በቲ ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ብተግባር ብምጥባቕ ዘረጋግጽኦ መኽሰባት ውን ዝልለ ነበረ።

እንተኾነ ድሕሪ ነጻነት ከም ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ንሳተን’ውን መስዋእትነተን ብመላኺ ስርዓት ኣስመራ ተጠሊሙ ኣደዳ ኩሉ ዓይነት ሐሳረ መከራ ኮይነን። ዋላኳ እቲ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ዝወረደንን ዝወርደን ዘሎን በደል ንኹሉ ኤርትራዊ ከም ዘረኻኽበሉ እንተ ዘየጠራጠረ፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስቶዮ ግና ከምቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ድርብ ወጽዓን ድርብ ሓላፍነትን ዝነበረን፡ ሎሚ ዝወርደን ዘሎ በደል ድማ ከምኡ ድርብ’ዩ። ኣበርክቶ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ ነጻነት በተን ኣብ ሜዳ ከቲተን ብረት ዓጢቐን፡ ቁምጣ ወድየን፡ ዝረጋረጋ ዝነበራ ጥራይ ዝግለጽ ኣይነበረን። ካብዚ ወጻኢ’ውን ኤርትራውያን ኣዴታት ኣብ ዓዲ ጓና ከይደን ርሃጸን ኣፍሲሰን ናብራ ዓዲ ጓና ክኢለን ብዝረኸበኦ ገንዘብ፡ ገንዘባውን ንዋታውን ሕቖ እቲ ቃልሲ ኣደልዲለን። ክምልከዓሉ ዘጥረየኦ ወርቅን ስልማትን ’’ስልማተይ ድሕሪ ነጻነተይ..’’ ብዝብል ንሰውረአን ኣረኪበን። እተን ኣብ ዓዲ ዝነበራ ኣዴታት ድማ፡ ንኹሉ’ቲ ብሰንኪ መግዛእታዊ ሓይሊ ዝወርደን ዝነበረ በደላት ክኢለን፡ ብዘይካቲ መልሚለን ዘዕበየኦም ደቀን መሪቐንን ሓቦ ኣዕጢቐንን ናብ ቃልሲ ምፍናወን፡ ንዝጠመዩ ተቓለስቲ ብዘይ ኣፈላላይን ኣደይ ወደይ እንዳተበሃህላ ንዕአን ገዲፈን ዐንጊለን። ክውግኡ ኣንከለዉ ድማ ደሞም ሓጺበን በቲ ሓደ ወገን ናይ ወላዲት ለውሃተን ለጊሰን በቲ ካልእ ወገን ድማ ተቢዐን ኣትቢዐን። ብዙሓት ኣዴታት ድማ ዝዓቐረኦ ናይ ቃልሲ ምስጢረን ሰቲረን መስዋእትነት ከፊለን።

ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፣ እተን እዚ ክቡር ዋጋ ዝኸፈላ ኤርትራውያን ኣዴታት፣ ብዘይካቲ ብሰንኪ መግዛእቲ ዝቐሰለ መነባብሮአን ዘይምሕዋዩ ብስርዓት ህግደፍ ዳግማይ ተገፊዕን። እዘን ኣብ ምርግጋጽ ነጻነት ዓቢይ እጃም ዝነበረን ኤርትራውያን ኣዴታት እሱራትን ስደተኛታትን ክኾና ተገዲደን። እዚ ድማ ኩሉ ኤርትራውያን ዝርከብዎ መደበራት ስደተኛ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ድሕሪ ነጻነት መነባብሮ ሓሲምዎ፣ ናይ ባርነት ግዴታ ኣጨኒቕዎ ናብ ስደት ክንዲ ዘምረሐ ውላደን ወይ ኣሸሓት ናቕፋ ክኸፍላ ወይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክዳጐና ተገዲደን። ዋላ'ኳ ናይቶም ኣብ ነጻነታዊ ቃልሲ ዝተሰውኡ ደቀን ሓዘንን ጓህን ተጸሚመን፣ ብነጻነት እንተተደበሳ ናይ ዝቐደመ ንብዓተን ከይነቐጸን ድርምመን ከይተፈትሐን ንካልእ ዘይምኽኑይ ውግእ ደቀን ክግብራ ተገዲደን። ናይቲ ቀዳማይ ቃልሰን ጻማ ዘይምርካበን ከይኣክል ድማ ናብ ዳግማይ ሓዘን ተመሊሰን። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ናይቲ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ሕሱም ቁጠባዊ ቅልውላው ኣርዑት'ውን ኣብ ዝባነን'ዩ ተጻዒኑ ዘሎ።

እተን ተጋዲለን ነጻነት ዘዕቆባ መንእሰያት ሓርበኛታት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እውን  ስርዓት ህግደፍ፣ ኣብ ኣስመራ ስልጣን ምስ ኣትሓዘኦ ጠሊሙወን። ሕሉፍ ሓሊፉ ንጅግንነተን ረሲዑ፣ ናይ ነጻነት ጸጋአን ነፊጉ፣ ኣብ ሕሱር ስረሓት ተዋፊረን ናይ ሰብ ሓይሊ ናብ ዘድልየን ሃገራት ከይደን ከዲመን ናይ ወጻኢ ሸርፊ ከምጸኣሉ ከም ግኡዝ ነገር ከካርየን ፈቲኑ። እቲ ሰሪሕካ ብረሃጽካ ኣብ ዓድኻ ናይ ምንባር መሰል'ውን ተነፊጉወን። እተን ካለኣት ናእሽቱ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ወለደንን ኣያታተንን ብዘምጽኡለን ነጻነት ኣብ ክንዲ ዝመሃራን ብቑዓት ተካእቲ ዜጋታት ዝኾናን እነሆ ናይ ጓለንስተይቲ ክብረን ተገፊፉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ትሕቲ ዝብል ምስምስ መፍቶ ውሑዳት ናይቲ ስርዓት መሳርሒ ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ኮይነን። ነዚ ሳዋ ባዕላ እትምስክሮ'ዩ። ከምዚ ኢለን ክነብራ ሕልነአን ስለ ዘይተቐበሎ ናብ ስደት ዘምረሓ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ምስቲ ዘጓነፈን ተፍጥሮኣዊ ጸገማት ኣብ ባሕርን ምድረ በዳታትን ይሃልቓ'ለዋ። እታ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ምስ ክልተ ዕሽላት ደቃ ካብ ግብጺ ናብ እስራኤ ክትሰግር እንከላ፣ ብጥይት ሓለውቲ ዶብ ግብጺ ተወቒዓ ነቶም ከብዲ ኣደ ኮይንዋ ከተታትዮም ዝጸነሐት ደቃ ሓዲጋቶም ዝሞተት ኤርትራዊት መንእሰይ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ኣስካሕካሒ ምዃኑ ምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን።

ምስዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊኣን ዝወርድ ዘሎ መከራ እሞ ድማ ምስቲ ዘለውን ናይ ቃልሲ ተመኩሮን ዝናን ኣብዚ እዋንዚ ናይ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ናይ ለውጢ ቃልሲ ምርሓቐ ካብቲ ንደለይቲ ሰላምን ፍትሕን ዘሰከፎም ጉዳያት ሓደ ኮይኑ'ሎ። ርግጽዩዩ እቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ቃልሰን ተጠቀምቲ ዘይምዃነን ከሰንብደን ከም ዝኽእል ፍሉጥ'ዩ። እንተኾነ ከምቲ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ኮይንወን፣ ኩሉ ክኢለን ምስ ኣሕዋተን ዝኸተታ ሎሚ'ውን እቲ ቅድም ዋጋ ዝኸፈላሉ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ኣብቲ ዝድለ ምዕራፉ ከም ዘይበጽሐን ጌና ናታተን ኣስተዋጽኦ ይጽበ ከም ዘሎን ክስሕተኦ ኣይግብአንን ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለና። እዚ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ለውጢ መስርሕ ከምቲ ዝድለ ዘይምስታፍ ካብ ዘሰከፎምን መፍትሒ ክርከበሉ ካብ  ዝጽዕቱ ፖለቲካዊ ኣካላት ሓደ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ እዩ። ሰውራዊ ባይቶ ካብዚ ተርድኦ'ዚ ነቒሉ ንጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ዝምልከት ፍሉይ ኣካል ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ልዕሊ ምምስራቱ፣ ካብቶም ውድቡ ኣፍሪሱ ምስ ካለኦት ቅሩባት ወገናት ብሓባር

ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ክምስርት ዝደረኽዎ ምኽንያታት’ውን ብኩራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ነካይዶ ዘለና ናይ ሓቀኛ ለውጢ ምስርሕ ሓደ እዩ። ንምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ክትዓምም ዝተመስረተት ነጻ ሓባራዊት ኮሚሽን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ዘሳተፈት ምኳኑ’ውን ነቲ ተገዳስነት ኣብ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ መምዘኒ’ዩ። ኣብቲ ኣብ ቀጻሊ ጉባኤ ምምስራት ሰልፊ ክጸድቕ ዓቢይ ተስፋ ዝንበረሉ በዛ ኮሚሽን ናብ ህዝቢ ተዘርጊሑ ዘሎ ንድፊ ፖልተቲካዊ መደብ ዕዮ ንደቂ ቅንስትዮ ብዝምልከት፥

1. መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ምኽባር፥ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎን ጽቕጠትን ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ ምቅላስ
2. ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ከይምዝመዙ ምክልኻል፥ መስልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ሕ/ሰብ ዝተሓለወ ይኸውን...ብዝብል ምስፋሩ’ውን ዓቢይ ግምት ዝወሃቦ’ዩ።

ስለዚ ኮሚሽንና ንተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ተገዳስነት ሂቡ ኩነታት ከጣጥሕ ቅሩብ እዩ እሞ፥ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን’ውን በዚ ዕድል ተጠቒመን ተሳትፎኤን ከርጋግጻ ይጽውዕ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ተመኩሮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣየኦ ትቦኣትን ተወፋይነትን ኣብዚ ተተሓሒዝናዮ ዘለና ናይ ሓቀኛ ለውጢ ቃልሲ’ውን መሪሕ ተዋሳእቲ’ምበር ናይ ካለኦት ኢድ ተጸበይቲ ክኾና ኣይግበአንን። እዚ ድማ ካብዚ እንዝክሮ ዘለና መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ 8 መጋቢት ከወዓዕየኦ ይግበአን ንብል።

ክፍሊ ዕዮ ዜና ሓባራዊ ኮምሽን ምምስራት ሰልፊ